**OHCOW**
Occupational Health Clinics
for Ontario Workers Inc.

# ኣብ ቦታ ስራሕካ፡ ንዓኻ ወይ ንሓደ መሳርሕትኻ ክጎድእ ዝኽእል ነገር ክትገብር ተሓቲትካዶ ትፈልጥ ?

እንታይ ክትገብር ከምዘሎካ እነሆ

# ኣብ ጸገም ከይኣተኻ ወይ ከይተቐጻዕካ፡ ንዘይውሑስ ስራሕ* ኣይፋል ናይ ምባል መሰል ኣሎካ

- ምስ ካልኦት ሰራሕተኛታት ተዘራረብ። ስለምንታይ ትጭነቕ ከምዘሎኻን፡ ዘሎካ መሰል ናይ ምእባይ ክትጥቀመሉ ከም እትደልን ንገሮም። (ናይ ብዙሓት ድምጺ፡ ካብ ናይ ሓደ ይሓይሽ) ።

- ንሓላፊኻ ወይ ንኣስራሒኻ ሓብሮ። ነቲ ሓደጋ ግለጸሉ። ንዓኻ ይኹን ንኻልኦት ሰራሕተኛታት ሓደገኛ እዩ ኢልካ ስለ እትኣምን፡ መሰልካ ክትጥቀመሉ ከምእትደሊ ሓብሮ።.

* እዚ ድማ ካብ ኣቕሑት፡ መሳርሒታት፡ ኩነታት ቦታ ስራሕ ወይ ካብ ዓመጽ ዝመጽእ ሓደጋ የጠቓልል

# ቀፃሊ……

- እቲ ኣስራሒ ናይ ግድን ከጻሪ ኣለዎ። ነዚ ኸኣ ምሳኻን ምስቲ ንጉዳይ ጥዕናን ድሕንነትን ሰራሕተኛታት ዝውክል ሰብ ክገብሮ ኣለዎም።*
- እቲ ኣስራሒ ነቲ ሓደጋ ከዐርዮ ይኽእል እዩ። ወይ’ውን ብኣንጻሩ፡ ሓደጋ የለን ክብል ይኽእል እዩ።
- ርግጸኛ እንተኾንካ – ሕጂውን ሓደገኛ ምኻኑ ርትዓዊ ምኽንያት **እንተሃልዩካ – መሊስካ ናይ ምእባዩ መሰልካ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።**

* እቲ ወኪል ጥዕናን ድሕንነትን ሰራሕተኛታት፡ ኣባል ሓባራዊ ኮሚቴ ጥዕናን ድሕንነትን፡ ወይ ድማ ሰራሕተኛታት ዝመረጽዎ ሰብ እዩ።.

## ቀፃሊ...

- ከምኡ እንተ ጌርካ፡ እቲ ኣስራሒ ወይ ንስኻ ምስ ሚኒስትሪ ዕዮን፣ ስልጠናን፣ ምዕባለ ክእለትን ክትራኸብ፡ ኣብ 1-877-202-0008 ደውል፤ ብዛዕባ ናይ ስራሕ ምእባይ ብዝምልከት ክትዛረብ ቁጽሪ 1 ምረጽ። ሓደ ወኪል ምስ መለስልካ ድማ፡ ብቋንቋኻ ክትዛረብ ከም እትደሊ ሕተት። .
- ካልእ ሰብ ንምንታይ ከምዝኣበኻ ተሓቢሩ እንከሎ፡ ነቲ ስራሕ ክሰርሕ ክሕተት ይኽእል እዩ። እዚ ምስ ወኪል ጥዕናን ድሕንነትን ሰራሕተኛ ወይ ምስቲ ሰራሕተኛታት ንጉዳያት ጥዕናን ድሕንነትን ክውክሎም ዝመረጽዎ ሰብ ክግበር ኣለዎ።
- ድሕሪ ምጽራይ፡ እቲ ጠቐጻጻሪ **ውሳኔኡ** ብዘይ ወዓል-ሕደር **ብጽሑፍ** ክህብ ኣለዎ። ንዓኻን፣ ንኣስራሒኻን፣ ነቲ ንሰራሕተኛታት ዝወከለ ሰብን፡ **ቅዳሕ** ክህብ ኣለዎ። እቲ ዝተወሃበካ **ቅዳሕ ናይቲ ውሳኔ ኣይተጥፍኣዮ**።

...

## ቀፃሊ...

- **እቲ ተቖጻጻሪ ምሳኻ እንተተሰማሚዑ፡** እቲ ኣስራሒ ነቲ ሓደጋ ከዐርዮ ኣለዎ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ናይ ግዜ ገደብ ኣለዎ። እንተዘይኰይኑ ናብ ስራሕ ክትምለስ ኣለካ።.
- እንተ ዘይተሰማሚዕኩም **ይግባይ** ክትብል ትኽእል ኢኻ። ካብ ናይ ሕጊ ክሊኒክ ድማ ኣብ (1-800-668-8258) ብምድዋል ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ (ቋንቋኻ ዝዛረብ ሰብውን ከቐርቡልካ ሕተት).
- ኣስራሒኻ ሓደገኛ ስራሕ ምስራሕ ብምእባይካ፡ ብዝኾነ መገዲ **ክቐጽዓካ የብሎን**። እንተገብሮ ግና ወይ ደውለልና ወይ ድማ ኣብ ክሊኒክ ሕጊ ደውል።

!

ክሳብ እቲ ተቖጻጻሪ ውሳኔኡ ዝህብ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብ **ውሑስ ዝኾነ ቦታ ጽናሕ**፤ ንግዜኡ ካልእ ስራሕ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ።

በቲ ልሙድ ደረጃኻ ድማ ጊዜኻ ክትክፈል ኢኻ።.

# ? ብዛዕባ ሓደገኛ ስራሕ ምእባይ ብዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ተሌፎን ደውል፡

## እቲ ንዓኻ ዝቐረበ ናይ ሕጊ ክሊኒክ ርኸብ

እቲ ንዓኻ ዝቐረበ ክሊኒክ ርኸብ :

**1-800-668-8258**

ቋንቋኻ ዝዛረብ ሰብ ከቕርቡልካውን ሕተት

**www.legalaid.on.ca/legal-clinics/**

## ጉጅለታት ማህበረስብውን ክሕግዙ ይኽእሉዮም


**OHCOW**

Occupational Health Clinics for Ontario Workers Inc.

ኣውራጃዊ ናይ ሓበሬታ ኢሜይል፡ **mfw@ohcow.on.ca**

ናይ ኢንተርኔት ግጽና፡ **www.ohcow.on.ca**